ብዛዕባ'ቲ ካልእ ባዕላዊ ጸገም

ጸለውቲ ኣካላት ክልተ ጫፋት ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ እቶም ብትምህርቲ ይኹን ተመክሮ ጸብለል ዝበሉ፡ ኣብ ምምራሕ፡ ኣብ ካልእ ሞያዊ ኣገልግሎት፡ ብውልቃዊ ናይ ብዙሓን መራኸቢ፡ ብንጥፈታቶም ዝረኣዩን ዝልለዩን፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብእወንታ ይኹን ብኣሉታ ዝህልዎም ጽልዋ ቀሊል ከምዘይኮነ ማንም ዝስሕቶ ኣይኮነን። በዚ ኣቢሉ ከኣ ኣብ ፖለቲካ፡ ቁጠባዊ ይኹን ማሕበራዊ ዕቤት ወይ ውድቀት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ወይ ሃገር ወሳኒ ግደ ከምዝጻወቱ ዘተሓትት ኣይኮነን።

ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣብ ከም ሃገርና ኤርትራ ዝኣመሰላ ሃገራት ከኣ ብፍላይ፡ በቲ ንሹር ሕብረተሰብኣዊ ምዕባለ ሃገርነት ክሓልፋ ዕድል ዘይረኸባ፡ ብሰንኪ'ቲ መግዛእታዊ ኣካልላ ሃገርነት፡ ኣብ ሕድሕድ ጎረባብቲ ሃገራት ዝነብሩ ኣሕዛብ'ውን ከይተረፈ፡ ተመሳሳሊ ቋንቃ፡ ሃይማኖት ይኹን ስነልቦና ምህላዉ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ'ዚም ዝተባህሉ ጸለውቲ ሰባት፡ ኣብ ምስራሕን ምድልዳልን፡ ወይ'ውን ኣብ ምዕናው ሕብረተሰብን ሃገርን ዘይነዓቕ ተራ ከምዝህልዎም ርዱእ ክኸውን ይግባእ እብል።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው እምበኣር፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና ይኹን ኣብ ስደት ዝነብር ደጋፊ ስርዓት ህግድፍ ገዲፍካ፡ ብዛዕባቲ ንመሰረታዊ ለውጢ ዝቃለስ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ጸላዊ ዝበሃል ሸነኽ ሕብረተሰብና። ኣብዚ ዝተባህለ ጉዳይ ተራኡ እንታይ ይመስል ብዝብል ኣልዒለ ሓሳባተይ ከቕርብ እንከለኹ፡ ካብቲ ልሙድ ውጽእ ብዝበለ (ዘይትንከፍ) ከልዕል ክፍትን ኢየ። መሰረታዊ ፍታሕ ዝደልዩ፡ ናይ ሕድሕድ ዘይምትእምማን ጠንቂ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም ቢለ ዝኣመንኩሎም  ዘዕባታት፡ ግን ከኣ ክሳብ ሕጂ ብ**„ፍርሕን ክብረትን"** ተጸቒጡም ክለዓሉ ዘይንደልዮም ወይ ከኣ ምህላዎም ፍጹም ዝከሓዱ፡ <u>„ከምቲ ንሓንቲ ቁስሊ ካብ ቃንዛ ፈሪሕካ፡ ብላዕሊ ላዕሊ ምክንኻን ወይ ከኣ ጎዲእካ ዝበቅዕ ፈውሲ ከይገበርካላ ክትድሕን ዘይትኽእል"</u> ብግሉጽ ኣብ ባይታ ወሪዶም ሓባራዊ ርዲኢት ከየትሓዝካ ክብጻሕ ዝከኣል ዕላማ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ ካብ ዝብል እምነት'የ ብዛዕባ'ዚ ክጽሕፍ ወሲነ ዘለኹ። ኣብዚ ግን ብጥብቂ ከተሓሳስቦ ዝደሊ፡ ጽሑፈይ ንሓደ ወገን ወይ ንሓደ እምነት ዝኽተል ጃምላዊ ተንከፍ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ከምዘይኮነ ኣቐዲመ ክሕብር እፈቱ።  በቶም ጸለውቲ ዝበሃሉ ካብ ኩሉ ሸነኽ ሕብረተሰብና ኣንከታተሎን እንሰምዖን ዘሎና፡ ካብ ሃገር ዝወረደ ዘረባታት ይኹን ኣበሃህላታት (ነገራት ምስ ዘጋጥሙ) ኣብ ክንዲ ነቶም ክእረሙ ዘለዎም ጌጋታት ዝበልዎምን ንዋናታቶም ብቐጥታ ኣድራሻ ዝገበረ ዝኸውን፡ (ኣብ ክንዲ ንስኻ/ንስኺ : ጃምላዊ ንስኹም) ወገናዊ መልክዕ ክሕዝን ተጣበቕትን ተሓለቕትን ዝኽተልዎ ሃይማኖት ወይ ንዘለውዎ ወገን ዝገበረ ብዝመስል ንማሕበረሰብ ብማንነቱ ዝመቻቕል ኣተሓሕዛ፡  ንጉዕዞ ቃልስና ኣብ ዕንክሊል ንኽነብር ዝተጻወቶ ግደ ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን።
ብመሰረቱ ብዙሕነትን ፍልልያትን ናይ ሓደ ሃገር፡ ብማዕርነት ዘስተናግድ ብስርዓት-ሕግን ቅዋምነትን ዝዳነ ስለዝኾነ መፈላለዪ ምኽንያት ክኾኑ ኣይግባእን ኢዩ። ስለምንታይ ደኣዩ፡ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ይኹን ማሕበራዊ ክስተታት ክርከቡ እንከለዉ፡ ዋላኳ ቃል ብቓሉ ብትብዓት እንተዘይተዘርበሉ፡ ከም መዐቀነን መምዘንን ናይቲ ተረኽቦ፡ **„መንን፡ ካበየናይ፡ ወገንን"** ከም ዝተበገሰ'ምበር ትሕዝቶን ቁዉም-ነገርን ናይቲ ከርሲ ሓሳብሲ ኣቕልቦ ዘይረክብ ማሕበራዊ ጸገም ስለዝኾነ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ። ካልእ ከተሓሳስብ ዝግብኦ እውን፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ መደባትን መርሓ-መንገድን ካልእ ሰነዳትን ኣብ ምቕራጽ ፍልልያት ዘይረኣዩ እንከለዉ፡ ኣብ ምስካም ሓላፍነት (መን ይምረሓዮ) ፍልልያት ጎሊሖም ክወጹ እንከለዉ፡ ዋላኳ ብጋህዲ ዝዝረበሎም እንተዘይኮነ፡ መንቀልስ እዞም ዝተጠቕሱ ምኽንያታት ኢዮም ዝብል ርዲኢት ኢዩ ዘሎኒ። ስርዓተ ሕግን ቅዋምነትን ዝለዓለ ስልጣን ሕብረተሰብ ክኸውን ዝቃለሱ ኣካላት፡ ካብ ኣየናይ ወገን ይምረሓዮ፡ መፈላለዪ ምኽንያት ክኸውን ዘይግባእ ክነሱ፡ ገለ ጸለውቲ ዝበሃሉ ሸነኽ፡ ሕብረተሰብና፡ ንፖለቲካዊ ረብሓኦም ክብሉ፡ ብስም ዘይግደስሉ እምነትን ወገንን ብምምኽናይ ሰዓብቲ ንኽገብሩ ዝጥቀምሉ ሜላ ምኺኑ ግን ክንነቕሓሉ ይግባእ።

ብዙሕ ንድሕሪት ከይተመለስካ፡ ኣብዘን ኣርባዕተ ዓመታት ዝነበረ ፖለቲካዊ ምዕባሌታት ናይ ተቓለስቲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብሓፈሻ ናይቶም ጸለውቲ ዝበሃሉ ሸነኻት ከኣ ብፍላይ ከመይ ይመስልን ነይሩን ኣሎን፡ ገለ ኣብነታት ብምጥቃስ ምድህሳሱ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ።

- ኣግኣዝያን፣ ዓባይ ትግራይ ንዝብል ክስተት፣
- ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያን፡ ምሉእ ተሳታፍነትን ተራን ስርዓት ህግደፍን ብዝምልከት፣
- ህዝባዊ ምንቅስቓስ ናይ ብርጌድ ንሓመዱን፡ ካልእ ዝተራእዩ ህዝባዊ ምልዕዓላትን ፣

## ናይ ኣግኣዝያን ተርእዮ ብዝምልከት፣

ብናይ ባዕለይ ርእይቶ፡ ናይ ገለ ኤርትራውያን ከምኡ'ውን ትግራዎት ነናይ ባዕላቶም ብዝህልዎም **„ትንቢት"** ዝተበገሰ መሰረት ዘይብሉ ኣብ ጉዕዞ እናቐሃመ ዝኸይድ ክስተት ኢዩ ዝብል እምነት ኢዩ ዘሎኒ። ብመሰረቱ እውን ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ኣካልላ ሃገራት ኣፍሪቃ ውጺኢት መግዛእታዊ ውዕላት ኮይኑ፡ ብሕብረት ሃገራት ኣፍሪቃ ቅቡልን ኣብ ሕቶ ዘይኣቱን ኣብ ባይታ ዘሎ ክዉንነት ኢዩ። ስለዚ እምበኣር እዞም ናይቲ ሓደ ጫፍ ጸለውቲ ሕብረተሰብ፡ በዚ ኣቢሎም ክሰርሕዎ ዝኽእሉ ሃገር፡ ወይ ክሃንጽዎ ዝኽእሉ ሕብረተሰብ ክህሉ ዝከኣል ኣይኮነን። **„ኣብ ርእሲ ኣላታስ ተለቀበታ"** ከምዝበሃል ግን ኣብርእሲ'ቲ ዝጸንሐ ሕድሕድ ዘይትእምማን፡ ብጋህዲ ንሉዑላውነት ግዝኣታዊ ሓድነት ኤርትራ ኣብ ሕቶ ዘእቱ ስለዝኾነ ሸልል ኢልካ ዝሕለፍ ጉዳይ ከምዘይኮነ ርዱእ ክኾውን ይግባእ። ጉዳይና ነቲ ስርዓት ኣልቦ ምሕደራ ኤርትራ ብስሩ ነቒልካ ሓድነት ህዝባን ሉዑላውነትን ሓድነትን ግዝኣተ-መሬታ ተኸቢሩ ብስርዓተ ሕግን ቅዋምን እትመሓደር ሃገር ንምስራሕ ንዝብል ጽኑዕ መትከል ኣብ ሕቶ ዘእቱ ብዝመስል፡ ብዛዕባ ዜግነትን መንነትን፡ ካብኡ ዝገደደ ከኣ ትርኽቲ ናይ ቅድሚ መግዛእቲ ከም እዋናዊ ዛዕባ ኮይኑ ንኽቐርብ ምግባር ሓላፍነት ዝጎደሎን፡ ኣብ ሓድነት ህዝብን ሃገርን ኣሉታዊ ተጽዕኖ ከሕድር ኪኢሉ ኢዩ። እንተኾነ ግን ካብዚ ብዘይፍለ፡ ግደ ናይቶም ካልኣይ ጫፍ ጸለውቲ ኣካላት ናይ ሕብረተሰብና፡ ነዚ ተርእዮ'ዚ ካብ ዓቕሙን ልክዑን ንላዕሊ መልክዕ ክሕዝ ምግባሮም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኹሉ ካብዚ ወገን'ዚ ዝመጽ፡ ንሓቀኛ ዕላማ ዝቃለስ ብዘይፈሊ፡ ጃምላዊ ፖለቲካዊ መልክዕ ክሕዝን፡ ንስንኩፋት ብዛዕባ'ዚ ኣቕልቦ ክገብሩን፡ ክግደሱን፡ በዚ ኣቢሉ ከኣ ነቲ ዝጸንሐ ፍልልያትን ዘይምትእምማን መሊሱ ንኽገፍሕ ዘይነዓቕ ግደ ክጻወቱ ተራእዮም ኢዮም። ብንጹር ኣበሃህላ፡ ነቲ ጃምላዊ መልክዕ ዝተባህለ ዘረጋግጽ **„ናይ ኣቦታትኩምዶ ናይ ኣርብዓታትዶ"** ዝብል ተለቃብ ዘረባታትን ንመንኮርኮር ታሪኽ ንድሕሪት ዝመልስን፡ ካብቶም ኣበገስቲ ጸረ ኤርትራዊ ሃገርነት ብዘይንእስ፡ ንዘሎ ዘይምትእምማን ኣብ ነዳዲ ላንባ ዝነስነሱ ምንባሮም'ውን ክፍለጥ ይግባእ።

## ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያን ምሉእ ተሳትፎ ስርዓት ህግድፍን፣

እዚ ተርእዮ'ዚ ንደንበ ተቓለስቲ ንፍትሒ ብሰንጠቕ ኣብ ክልተ ዝመቐለ ንምርድኡ ኣዝዩ ዘሸግር ተረኽቦ ኢዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ስለምንታ'ዩ ግን መፈላለዪ ክኸውን ኪኢሉ? ንዝብል ሕቶ ምላሽ ክረኽበሉ ኣዝዩ ዘሸገረኒ ጉዳይ ኢዩ። እቲ ንዓና ካብ መረበትና ዘሳደደና፡ ንህዝብና ኣብ መቑሕ ባርነት ክነብር ዝገበረ ስርዓት ኣልቦ ምሕደራ ህግደፍ፡ ከም ሓደ መራሒ ክልል ኢትዮጵያ ኮይኑ፡ **(ምስ ህወሓት)** ዝነበሮ ህልኽ ንኽዋጻእ፡ ምናልባትውን ከምቲ ባዕሉ ዝበሎ „ኢትዮጵያን ኤርትራን ክልተ ኣህዛብ ኢዮም ዝብል ታሪኽ ዘይፈልጥ ኢዩ" „ባዕልኻ ምርሓና" „ኣይከሰርናን" ብተግባር ከኣ ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ክትከውን ዝፈቐደ፣ እንተኾነ ግን ሕልሙ ክዉን ንኽይከውን ዕንቅፋት ይኾኑኒ ኢዮም ንዝበሎም፡ ናይ ልዕሊ 20 ዓመታት መተሃላልኽቱ ቂም ንኽዋጻእ፡ ንመንእሰያትና ኣብዘይ ጉዳዮም ክቕዘፉ ምግባር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምስ ጎረቤትና ዘይሓዊ ቁስልን በሰላን ዝገደፈልና፡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ክፍጠር ይኽእል ኢዩ ኢልካ ዝግመት ኣይነበረን። እቲ ምናልባሽ ናይ ገለ ገለ ጸለውቲ ሸነኻት ጎሊሑ ዝቐርብ ዝነበረ፣ ጉዳይ ናይ ትግራይ፡ ጉዳይ ናይ ደንበ ተቓውሞ ኮይኑ ክረአ ዘግብር ኣበሃህላታት፡ ውሽጣዊ ሓድነት ደንበ ተቓውሞ ኣብዘይ ተረጋገጸሉ

ብፍላይ ከኣ ብዓይነቱ ዘሰክፍ ሕድሕድ ዘይምትእምማን ህያው እናኾነ ብዛዕባ ስትራተጂካዊ ዝምድናታት ናይ ደገ„**ምስ ትግራይ ሓቢርካ ምቅላስ**" ምዝራብ ሓላፍነታውን ሓጋዝን ኣይነበረን። ጸኒሑ ከኣ በቶም ካልእ ጫፍ ዘለዉ ጸለውቲ „ምስ ትግራይ ዝብል ሸነኽ" ዝብል ስም ተዋሂብዎ፡ ደሞግራፊ ምቕያር ተልእኾ ዝሓዘ ብዝመስል ትርኽቲ ክሕዝን፡ ንመልሰ-ተግባሩ ከኣ ገለ ጸለውቲ ሸነኻት፡ ምስ ሰራዊትናን መንግስትናን ክሳብ ዝብል ዝበጽሐ፡ ምስሊ ደንበ ተቓውሞ ዝደወነ ተርእዮ ኢዩ ነይሩ።
ዋላኳ ብድፍረት ክዝረበሉ እንተዘይተኻእለ፡ ብናተይ ትዕዝብቲ ተኣኪቡ ተደሚሩ፡ እዚ'ውን ጥርጠራ „ኣግኣዝያን" ዝፈጠሮ ስግኣታት ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል ዝብል እምነት ኢዩ ዘሎኒ። እንቶ'ቶም ንመልሰ ተግባር፡ ምስ ሰራዊትናን መንግስትናን ዝበሉ ግን፡ እቲ መንግስትና ዝበሉዎ'ውን ንዓባይ ኢትዮጵያ ይሰርሕ ስለዘሎ፡ „መለሳ ቆሎስ ጥጥቖ'ዩ" ክኸውን ዝኽእል።

## ህዝባዊ ምልዕዓላትን ብርጌድ ንሓመዱን፣

ሎሚ ካልኣይ ዓመቱ ዝቖጽር ዘሎ ኤርትራዊ ናይ መንእሰያት ናዕቢ (ብርጌድ ንሓመዱ) መቓልሑ ካብ **ዲያስፖራ** ናብ **ኣስመራ** ይስማዕ ከምዘሎ፡ ሓዳሽ ኤርትራን ኤሪ-ቲቪን ዝምስክርኦ ዘለዋ ሓቂ ኢዩ። ነዚ ሓቅዚ ክምዝግብኦ ዝተገደዳሉ ምኽንያት ግን፡ በዚ ሓደ ሸነኽ ስርዓት ኣልቦ ምሕደራ ሃገርና ንህዝብና ካብ ዓለም ከዊሉ ዋጋ ሓርነቱ ኣብ ባርነት ቀይሩ ብዘይምስክር ኣብ ዘይንቡር ከንብሮ ዝጸንሐ ጉልባቡ መሊኡ ከምዝቕላዕ ስለዝገበሮ፣ በቲ ካልኣይ ሸነኽ ከኣ ንህዝብና ተስፋ ዘስንቕ ወረ፡ ንሓዳሽ ኤርትራን ቲቪ ኤረን ኣቛሪጹ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ውሽጢ ሕብረተሰብና ስለዝበጽሐ፡ ከዊልካ ዝኽወል ስለ ዘይኮነ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ብርጌድ ንሓመዱ ብስሙ ክጽውዕኦ'ኳ ይገደዳ'ምበር፡ እታ ዘረብረበትና ዝኣረገት ናይ መመኽነዪ ቋንቋ፣ ውድቀት ፖለቲካን ማሕበረ-ቁጠባውን ኤርትራ፣ ኣሜሪካዶ ወያነ፡ ኣንጻር ሉዑላውነትና ዝገብርዎ፡ ወይ ዘዋፈርዎም ሉኡኻት ኢዮም ዝብል ተለቃብ ዘረባ፡ ግን ኣይተረፈትን። ሎሚ ኣሽንኳይዶ ነቶም ራሕሪሖሞ ዝወጹ ግዳያቱስ፡ ወዮ'ደኣ ህዝብና ክዛረብ ዘይፍቀደሉ ኮይኑ'ምበር፡ ነዚ ዝኣረገ ሽጣራስ „ብዘመነ ውበ ዝጸመመስ ዝባን ውበ ክብል እነብር" ይብሎም ከምዘሎ ክግንዘብዎ ይግባእ ነይሩ።
እቲ ንኽትርድኦ ዘሸግርን ዘጸግምን እምበኣር፡ ናይቶም ነዚ ስርዓት ንምቕያር ኣብ ቃልሲ ኣሎና ዝብሉ፡ ጸለውቲ ሸነኽ ወገናትና ኢዩ። ብዘይካ'ቲ ብንጥፈታት ህግደፍ ንናይ ደገ ፖለቲከኛታትን ጋዜጣታትን ንመንነት ናይዚ ምንቅስቓስ'ዚ ናይ **„ትግራዋይ"** መልክዕ ከትሕዝዎ፡ ኣብ ገለ'ውን ሰማዒ ዝረኸበ ዝመስል፡ ካብ ውሽጢ ደንበ ተቓውሞ'ውን፡ ነዚ የዐርዮም ዝፈልጥዎ ካብ ሕሰምን መከራን ወጺኡ ከብቅዕ እግሪ-እግሩ ዝስዕቦ ዘሎ ስርዓት፡ ግንባሮም እናሃቡ ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፍሉ ዘለዉ ብገዛእ ወገነይ ዝብሎም ናይ ለውጢ ተቓለስቲ ጸለውቲ ሰባት፡ ብጸላኢ ዝወሃቦም ኣስማት ተቐቢሎም ከዳምቑ ክትሰምዕ እንከሎኻ ኣዝዩ ዘሰንብድን ዘተሓሳስብን ኢዩ። ብመሰረቱ እውን እቲ ነባር ተቓውሞ፡ ፍልልያቱ ከመሓድር ብዘይምኽኣሉ፡ ንኹሉ ኮንትሮባንዳዊ ስራሓት ህግድፍ ብፖለቲካዊ መዳይ ተቓሊሱ፡ ባይታ ኣስኢኑዎ እንተዝነብር ደቅና ካብዚ ገፈጥ'ዚ ክድሕኑ ይኽእሉ ምንባሮምን ዝተወሰነ ሓላፍነት ክስመዓና ይግባእ ነይሩ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘሎኒ። እዚ ከይኣክል እምበኣር፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ባይታ ወረዶም እግሪ-እግሮም ዝእረም ክእርሙ፡ ዝተባባዕ ከተባብዑ ዝረኣዩ፡ ኣብ ፈቖዶ መራኸቢ ብዙሓን ወይ ተለ-ኮንፈረንስ „ዳስ ቀነነት" ክብሉ ዝውዕሉን ዝሓድሩን ጸለውቲ ዝበሃሉ ወረጃታት ማዕዶ፡ ፍልልያት ካብ ምግፋሕን፡ ቃልሲ ከም ቀደሙ ኣብ ደውታ ክነብርን ካብ ምግባርን ሓሊፉ ቁዉም-ነገር ይህልዎዩ ዝብል ርእይቶ የብለይንን።
ደንበ ተቓውሞ ክሳብ ሕጂ ዘካይዶ ቃልሲ፡ ሕድሕድ ምትእምማን ዝጎደሎ (ናይ ተሓላሎ ኩነታት) ብምዃኑ ንስርዓት-ኣልቦ ምሕደራ ሃገርና ክቕይርስ ይትረፍ፡ ኣብዚ እቶ ዝበሃል ተጽዕኖ እውን ክገብር ኣይከኣለን። እዚ ዘይምትእምማን'ዚ ካብ ምንታይ ዝነቐለን፡ እንታይ ምኽንያት ብድሕሪኡ ከምዘሎን እዚ'ዩ ክትብሎኳ ዝከኣል እንተዘይኮነ፣ ሃይማኖት፡ ቋንቋ፡ ወገን መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይኽእልዩ ዘብሉ ምልክታት ምህላዎም ግን ዝከሓድ ኣይኮነን። ብዛዕባ እዚኣቶም ኣልዒልካ ብግልጽን ትብዓትን ምዝራብ ንባዕሉ፡ ሓደ ዘይትንከፍ ቀይሕ መስመር (ታቡ) ጌርካ ምውሳዱ ከይተሰማማዕና ዝተሰማማዕናሎም እኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ሓደ ሃገር ዝነብር ብዙሕነት ዘለዎ ህዝቢ ግን፡ እቲ ሓደ ናይቲ ካልእ ስምዒታትን፡ ቅሬታታትን ብግልጺ ኣብ መሬት ኣውሪድካ

ክሳብ ዘይተዘራረብካሉ፡ ናይ ምትእምማን ባይታ ክፍጠር'ዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ብርጌድ ንሓመዱ ኣብ ዝገብርዎ ዘለዉ ምንቅስቓሳት ናይ ምእራሙን ምስትኽኻሉን ብዝምልከት፡ ኢድካ ብምሕዋስ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝግባእ። ብዝተረፈ ኤርትራዊ ሓንቲ ክገብር ከምዘይክእል ብዘምስል ወያነ ዝመርሖ ኢዩ ዝብል ቋንቋ ስርዓት ህግድፍ ምጥቃም፡  ዕድመ ስልጣን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሃገርና ዘናውሕን፡ ንምውዳቑ ንዝቃለሱ ዘዳኽምን ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

**<u>ኣብ መወዳእታ ንክልቲኦም ጫፋት ጸለውቲ ኣካላት ሕብረተሰብና  ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ፣</u>**

- ኣብ ክንዲ ንሕና ኣነ ዝብል  ኣድራሻ ክሕዙ። መኽንያቱ ከኣ ብስም ሓደ ወገን ወይ ሓደ እምነት ክዛረቡ ዝተዋህቦም ሓላፍነት ስለዘየሎ።
- ዝወሃብ ርእይቶ ይኹን ሓሳባት ኣድራሽኡ ንጹር ክኸውን ይግባእ። ሓደ ውልቀ-ሰብ  ወይ ሓደ ውድብ ዝሃቦ ሓሳብ ንውልቁ ወይ ንውድቡ ጥራይ ስለዝምልከት፡ ነቲ ዋና ብስሙ ጠቒስካ'ምበር፡ ጃምላዊ ንሓደ ወገን ወይ እምነት ከይከውን ምጥንቃቕ።
- ዝመሓላለፍ ዘረባታት ይኹን መልእኽትታት፡  ሃገርነት ማእከል ዝገበረ፡ ፍልልያት ዘጽብብ፡ ኣብቲ ቀንዲ ናይ ሓባር ጸላኢና ዘማእዝን ክኸውን እምሕጸን።
- ተበግሶታት ኣብ ምውሳድ እንተተኻኢሉ ፈተውራሪ ግደ ምጽዋት ብዝተረፈ ከኣ ዝእረም እናኣረምካ ኣካል ተበግሶ ምዄን'ምበር ተዓዛቢ ብምዄን ዓንቃጺ ግደ ምጽዋት ክተርፍ።

ሰላምን ቅሳነትን ንህዝብናን ሃገርናን
ግእዝ ኣቆጻጽራ ንዝጥቀሙ፣ ናይ ራህዋን ሰላምን ዓመት ይግበሮ

ባይረ ሰረቐ
03.09.2023